# ምክትል ቀዳማይ ሚኒስተር ቻይና ሚስተር ዋንግ ሃገሩ ምስ ኤርትራ ንዘለዋ ዝምድናን ምትሕግጋዝን ንምስፋሕ ቅርብቲ ምዃና ኣረጋጊጹ።

--------0-----

ምክትል ቀዳማይ ሚኒስተር ቻይና ሚስተር ዋንግ ዝሆንግዩ ሃገሩ ምስ ኤርትራ ንዘለዋ ዝምድናን ምትሕግጋዝን ንምስፋሕ ቅርብቲ ምዃና ኣረጋጊጹ።

ንሱ ነዚ ዘረጋገጸ፣ ሚኒስተር ጸዓትን ማዕድንን ኣቶ ተስፋይ ገብረስላሴ ዝመርሖ ልኡኽ ናይ ህዝባዊ ቻይና ኢንስቲትዮት ጉዳያት ወጻኢ ብዝገበረሉ ዕድመ መሰረት፣ ካብ 2 ክሳብ 8 ሓምለ ኣብ ቻይና ናይ ስራሕ ዑደት ኣብ ዘካየደሉ እዋን እዩ።

ኣብ በይጂን ምስ ምክትል ቀዳማይ ሚኒስተር ዋንግ ዝሆንግዩ ኣብ ዝተገብረ ርክብ፣ ሚኒስተር ተስፋይ፣ ኣብ መንጎ ኤርትራን ህዝባዊ ሪፐብሊክ ቻይናን ክምዕብል ዝጸንሐ ዲፕሎማሲያዊ ዝምድናን ቁጠባውን ተክኒካውን ምትሕግጋዝን ብመንግስትን ህዝብን ኤርትራ ብኣወንታ ከምዝጥመትን ንምስፍሑን ምድልዳሉን ድማ ብወገን ኤርትራ ድልየት ከምዘሎን ገሊጹ። ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተፈጥረ ግጭት ብሰላማውን ሕጋውን ኣገባብ ንኪፍታሕ ቻይና ንዝወሰደቶ ቅኑዕ መርገጺ ካብ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ኣድናቖትን ምስጋናን ከምዝረኸበ ድማ ንሚኒስተር ዋንግ ገሊጽሉ።

ምክትል ቀዳማይ ሚኒስተር ዋንግ ብወገኑ፣ መንግስቲ ኤርትራ ንፖሊሲ ሓድነት ህዝብን መሬትን ሓንቲ ቻይና፣ ብምድጋፉ ብስም መንግስቲ ህዝባዊት ቻይና ኣመስጊኑ። ንህዝቢ ኤርትራ ከኣ ጽቡቕ ዕድልን ራህዋን ተመኒዩ።

ብዘይካዚ እቲ ልኡኽ ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ጸጋታትን ቻይና ምስ ምክትል ሚኒስተር ጂያንግ ቸንግስሶን ኣብ ዝገበሮ ርክብ ክልቲኦን ሃገራት ሓበሬታን ተመክሮን ንምልውዋጥ፣ ኣብ ምስልጣን ሰባዊ ዓቕሚ ንምትሕብባር፣ ከምኡውን ናይ ቻይና ትካልት ኣብ ስርሓት ድህሰሳ ማዕድናትን ነዳድን ኣብ ኤርትራ ንኪሳተፉ ዘሎ ትኽእሎን ዘትዮም። ሓለፍቲ ኮርፖረሽን ነዳድን ባህርያዊ ጋዝን ቻይና፣ ኮርፖረሽን ፐትሮኬሚካላዊ ኢንዳስትሪ ቻይናን ኣብ ኤርትራ ንምውፋር ዚህሉ ተኽእሎ ንምጽናዕ ዘድሊ ሓበሬታ ከቕርበሎምን ክኢላታት ክሰዱን ከምዝድልዩ ኣረጋጊጾም።

ኣቶ ተስፋይ ዝመርሖ ጉጅለ ብዘይካ እዚ ኣብ ክፍሊ ሃገር ጂያንግሱ ምስ ምክትል ኣማሓዳሪ ኣውራጃ ሚስተር ጂያን ዪንግሮን ተራኺቡ ተመያይጡ። ኣብ ዝተፈላለያ ከተማታት ናይዚ ክፍለ ሃገር ንዚርከባ ትካላት መፍረ ፖርስሊንን መሳርሒታት ተተካእቲ ጸዓት ተዓዚቡ።

******እ.ዜ.ኤ*****